“ ውሕጅ ከይመጸ ......"

ኣብ ዘመናዊ መራኸቢ ብዙሃን ሓቅን ሓሶትን፤ ረዚንን ፎክስን፤ሕማቅን ጽቡቅን ኣሎ ። ነፍሲ ወከፍ ከኣ ንዓቅሙ ንዝንባለኡ ዝስማማዕ ይመርጽ። ማለት ናይ ምምማይ ሓላፍነት ናይ ነፍሲ ወከፍ ሓላፍነት`ዩ።

እቲ ኣብ ዘመናዊ መራኸቢ ብዙሃን ዘሎ ሓቅን ሓሶትን፤ ረዚንን ፎክስን፤ሕማቅን ጽቡቅን ፤ ዘመናዊ መራኸቢ ብዙሃን ዝፈጠሮ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን። ምስ ባህሪ ሰብ ዝተተሓሓዘ ዘልኣለማዊ ነገር`ዩ ። እቲ ፍልልይ ትማሊ ብቀሊል ዘይርከብን ዘይዝርጋሕን ኮይኑ ጸኒሑ፤ ሎሚ ንጂባና ሃሰስ ኢልና ንረኽቦ፤ኩሉ ከራኽበሉ ዝኽእል ጉዳይ ኮይኑ ምህላዉ`ዩ።

ዘመናዊ መራኸቢ ብዙሃን ንቡዙሓት ከም መቃለስን ጠርናፍን ኮይኑ ኣገልጊሉ`ዩ። ከም በታታንን ዘራግን ዝተጠቀመሉ`ውን ብዙሕ`ዩ።

ኣብ ዘመናዊ መራኸቢ ብዙሃን ኣዚዩ ዘሰክፍ ሸነኽ`ውን ኣሎ ፤ ብፍላይ ኣብ ዘይተማህረ ፤ ፍልጠቱ ዘይሰፍሔ ፤ ኣብዚ መዳይ`ዚ ክህሉ ዝኽእል ጸወታ ዘይርደኦ ሕብረተ ሰብ።

ካብኡ፡-

- ዘዝሰመዖን ዘዝረኣዮን ኩሉ ከም ሓቂ ገይሩ ስለ ዝወስዶ -

- ንምጽራይ ዘኽእል ዓቅሚ ስለ ዘይብሉ፤

ስለዚ ናይ ዝኾነ እከይ ሸነኽ መሳሪሒ ንኽኸውን ከምኡ `ውን ኣብ ነንሕድ ሕዱ ክናቆት ዓቢ ተኽእሎ`ሎ።

ንናይ ዘመናዊ መራኸቢ ብዙሃን ኣሉታዊ ሸነኽ / ሃሰያ ንምክልኻል ዘኽእል ዕጥቂ ብሃታሃታ ዝጥረ ዘይምኺኑ ኣየካትዕን`ዩ ። ክሳዕ`ቲ ዝጥረ ኸኣ ዝኾነ ይኹን ኢልካ ዝሕለፍ ስለ ዘይኮነ ዝግበር ነገር ክህልው ኣለዎ፤ መሔለውታ ክህልው ኣለዎ፤ እቲ ክህልው ዘለዎ መሔለውታ ከመይ ይኹን ዝብል ሕቶ በብወገና ንርእዮ መንገዲ ክህልው ይኽእል`ዩ፤ ብወገነይ ንኣብነት ፡-

- ካብ ሃስያ ዘመናዊ መራኸቢ ብዙሃን ዝከላኸል ባይቶ ምምስራት፤
- እዚ ባይቶ`ዚ ንሕብረተ ሰብና ብ ሃይማኖታቱ ቦታታቱ ዓለታቱ ዝውክሉ፤ንኣተሓሳስባን ንልምድን ባህልን ህዝብና ይርድኡ`ዮም ዝበሃሉ ሙሁራት /ፈላጣት ይምስረት

ዕማሙ ፡-

- ንኹሉ ዝነፍስ ሃሳዪ ድሑር ጽሑፋት ቪድዮታት ይከታተል
- ንዘራእቲ ጽልኢ፡ ቁልጡፍ ናይ ምሽርሻሖም ስጉምቲ ይወስድ
- ድሕረ ባይታ ናይ`ቶም ባሃልቱ / ጻሓፍቱ የጽንዕ፤ ህዝቢ ከም ዝፈልጦም ይገብር
- ሃይማኖት ኣውራጃ ዓሌት ቋንቋ ናይ ዘይምቅዳው ጠንቂ ከም ዘይኮኑ፤ ዘይምቅዳው፡ ምጽላእ ዘምስልጣን ጠንቁ ኣበይ ምኳኑ ክርዳእ ምግባር
- ንምንቅቃሕን ምእላይን ምትእርራምን ዝዕማሙ ብጉዱሳት ዝምወል ናይ ገዛእ ርእሱ ፈነዋ ይህልዎ ፤

ብዝተረፈ ውሕጅ ከይመጸ መንገዲ ውሕጅ ጽረግዩ፤ ሽለል ዝበልካዮ  ቁልዒ ሃገር / ህዝቢ ከቃጽል ይኽእልዩ ！ ！

AAHafiz 24/01/2021